# ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ጊላነት!!!

## ዝኽርታት ካብ ፈልፋሊት ኣእምሮ።

### ሻድሻይ ክፋል።

ብመምህር ተስፉ ዘውደ

ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን ደቂ ሃገረይ፣ ብመጀርርያ ኣብ ዝሃለኹም ሃልዉ ሰላምታይ ይብጻሕኩም። ንሃገርና ከም ጣቓን ዋግን ኮይኑ ደዊንዋ ዝርከብ ህዋ ገሊህናን ቀሊዕናን ድሕሪ ምቕንጣጥ፣ ቀጺልና ናይ ናጽነትን ሓርነትን ሽግ ምስ ምሉእን ድሙቕን ጸዳል ብርሃን ፋና ንውልዓሉ ግዜ ርሑቕ ከም ዘይኮነ ብምርዳእ ኢየ ካባይ ዝጥለብ ወስ ዘብል ዘለኹ። ንዝጽሕፎ መላግቦን ቀጻልነቱን በብእብረ ሰሪዐ ክገልጾ ምፈተኹ። ይኹን እንበር ብመጀመርያ እቲ ዝሓልፈ ኩነታት ሓደ ከይተፈጸመ እቲ ካልኣይ እሞ ምስ ካልእ ተንኮል ስለ ዝሽብብ ቀጻልነቱ ስዒብካ ትህቦ ካብቲ ዱቦላ ዝቐረበ  እንበር፣ ሓደ ዝዓይነቶም ክትእክብ ካልእ ሃጓፍ ስለ ዝፍጠር ነቲ ስብርባር ኢኻ ትከታተል ዝብል ስእሊ ቀደም ዝሕብር ዘቕርቦ። ሎሚ ኣብቲ ሓዲሽ ዝሰማዕክዎ ብዕለት 13.08.2009 ክፍጸፍ ተሓሲቡ ግን ከም ፈተነ ቅትለት ኣብ ልዕሊ ዲክታቶር ኢሰያስ ምስቲ ዛጊድ ተመሳሳሊ ሕሉፍ ናይ ታሪኽ ብርኪ ዘኪረ ዝላገቡ ፍጻሜታት ክጠቅስን ክገልጽን ዝመደብኩ። ዝጽሕፎ ካብ 1970 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ሰውራናን ሃገርናን ሰሪቡን ብርሃና ኣጸሊሙን ዘሎ ኩነታት ኢየ ክምርኮስ። እዚ ሕጂ ናይ ቅትለት ፈተነ እውን እንተ ብፈጠራ ወይ ብሓቂ ገሊህካ መታን ክትሪኦ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ምርኣይ ከድሊ ኢዩ። ይኹን እንበር እቲ ናይ ዜናን ሓበሬታን ምዕባለ ኣብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ቅልጡፍን ስሉጥን ናህሪ ምብጽሑ ከተዛምድ ከለኻ፣ ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ሚዛን ከተቕምጦ ብጣዕሚ የጸግም። ኣብቲ እዋን'ቲ እቲ ዝሕብረካ ዘሎ ኣካል ነቲ ክትሰምዮ ዘጸግመካ ሽግራት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ሓንቲ ካብቲ ፍጻሜ ተጠራጢርካ ምስ ትሓትት ንሓባርን ተሓባርን ናይ ሓባር ናይ ሞት ስጉምቲ ከም ዝውሰድ እንዳ ገለጽኩ፣ ሕጂ ድማ እቲ ዝተኻየደ ቦታን ዕለትን ሓዊሱ ኣብ ቤትካ ሰተት ኢሉ ክኣቱን ክትዕዘብ ከላኻ ነቶም ገዲፍካዮም ኣብ ፈቖዶ ሽንጭሮታት ዝተቐብሩ ጀጋኑ ዘኪርካ ትነብዕ። እሞ እስኪ ክትቋደስዎ ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝቶይ ክድህብ። መታን ክምቅር ኣብ ኣጸሓሕፋ መማቕርቲ ብቕዓት ዘድልዮ ውሕሉል ጸሓፊ ብሓቂ መድለየኒ። ኮይኑ ግን እታ ኣብ ርሰይ ዲያ ኣብ ካልእ መዘኻኸሪ ህዋሳት ኣካላይ ተሓቢኣን ተጠንቂቓን ክትዓቁር ዝጸንሐት መቐርሰሚቶይ፣ ነዚ ሕጂ ካብቲ ሕቡእ ከብሒ ኣውጺእ ንወነንቲ ጉዳይ ሃገሮም ነቶም ኩሉ ዝተሰከሙን እሞ ዘይበርሃሎም ህዝቢ ከተረክብ ጥራይ ኢዩ ትጽቢታ።

ጅግና ተጋዳላይ ዳንኤል ሃብተ ይሕደጎ እሞ ድማ ወዲ 43 ዓመት ዝዕድሚኡ ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ኢሉ ንሓደ ከዳዕ ህይወቱ ኣቃቢጹ ስቓይ ህዝቢ መዕለቢ ክገብር በጃና ሓሊፉ። ይኹን እንበር ነዚ ጉዳይ እዚ ገና ኣብ ናይ ፍትሒ ትካልና ብግሉጽ ክንዛረበሉ ኣይከኣልናን። ብጣዕሚ መሪር ሓዘን ክስመዓና ናይ ግድን ይኸውን። ሃገርና ካብ ወጥሪ ናብ ዝኸፍአ ካልእ ወጥሪ ኢያ ትነጥር ዘላ። ብመጀመርያ ኣብ ኣሰና ቀጺሉ ኣብ ቢቢሲ (BBC) ስለ ዝሰማዕኩን ዝተኸታተልኩን እንሆ ካልእ ዝተፈተነ ዝብል ግን ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ከውጽኦ ዝመደብኩ ዝትረኽ  ምስጢር ከውጽእ ተገዲደ። ከምዚ ዝበለ ፈተነ እንተ ብሸርሒ እንተ ብጉርሒ ይወጽእን፣ ንገለ ፖለቲካዊ ስብርባርን መበለጺ መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ውዒሉን ተሰሪሑሉን ኢዩ። ንሓደ ጉድ ሰሚዑ መጻረይ ከይተገብረሉ ናብቲ ካልእ ዝሰግር ናይ ሳሕል መሪሕነት ዝጻወቶ ሰናፊጭ ኢዩ ንኣፍንጫ ናይቶም ተኸታተልቲ ሰርሲሩ ዘንብዕ ነይሩ።

ኣብ ምጅማር ውግእ ሓድሕድ ዝተገልጸት ናይ ንኢሰያስ ንምቕንጻል ዝመጹ ክልተ ኣስማቶን መንነቶምን ዘይተነግረ፣ ክልተ ሓደስቲ መንእሰያት ብሓጺር ትመሓላለፍ ነይራ። ንግዜ ምሕላፍ ተባሂሉ ክልተ ጋንታ ተጋደልቲ ኩዕሶ ይጻወታ። ኣብቲ ናይተን ክልተ ጋንታታት ምስታ ሓንቲ ኢሰያስ ይጻወት ነይሩ። ተጋደልቲ ዕጥቆም ካብ ሓደ ከውሊ ወይ መጸግዒ ኣቐሚጦም ኢዮም ይጻወቱ ነይሮም። እንዳ ተጻወቱ ከለዉ ክልተ መንእሰያት ዕጥቆም ኣብ ጥቓ ሓላው ልዳት ሽቶ ዘለዎ ቦታ ገጾም የምርሑ። ገለ ጥቓ ሓላው ማዕጾ ዝነበሩ ተጋደልቲ ይከታተልዎም። እቶም ተጋደልቲ ብረቶም ኣልዒሎም ጠይት ናብ ዓንቀር ሻምብቆ ድሕሪ ምቕባል ብጨመተ ንኢሰያስ ክቐትልዎ የናጻጽሩ ተባህለ። ኢሰያስ ክቕንጠል ከም ዝተመደቦ ኣየስተውዓለን ወይ ኣይተመልከተን። ገና መላጸ ቅድሚ ምስሓቦም ብካልኦት ተጋደልቲ ተደፊኦም ይወድቑ። ክልቲኦም ድማ ይተሓዙ። ድሕሪ ምትሓዞም እቶም መንእሰያት ቅልጡፍ ስጉምቲ ተወሲድዎም ይርሸኑ። ዝተኻየደ ፍርዳዊ ፈተና የለን። መን ሊእኽዎም ዝፍለጥ የለን። ብሓቂ ብዘይካ እቶም

ኣባላት ጸጥታ ዘይኮኑ ግን ኣብቲ ቦታ ደው ኢሎም ዝነበሩ ተጋደልቲ ዘልዓልዎ ምዱብ ታዕታዕ እንተዘይኮዩ ካልእ ዝተዓዘበ ሰብ ኣይነበረን። ዕድምኦም ኣዝዩ ትሑትን ዳርጋ ምስ ቆልዓ ትግመቶም ቅትለት ክፍጽሙ ምምጽኦም ብዙሕ ሕቶታትን ክትዕን የልዕል። መብዛሕትኡ እቲ ተጋዳላይ ብጻይ ኢሰያስ ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ኣላ፣ ጀብሃ ኢትዮጵያ ወይ ሲኣይኤይ (CIA) ዝብል ባዕላዊ ሕሹኽሹኽ ትንተና ከከም ዝሃበካ ይቅጽል። ብድሕሪት ነቲ ኩነታት ዝጠውን ንገለ ረብሓ ከውዕል ዝተበገሰ ፈጠራ እውን ይህውትት። ጸኒሑ ኢሰያስና ከም ብሌን ዓይንና ስለ ዝኾነ ከይጠፍኣና ዝብል መናፍሕ ይቕጽል። ግና 1972 ዝተፈጸመ ጉዳይ ኢዩ። እዚ ቅድመ መንካዕ ዝነበረ ኩነታት ብምንባሩ፣ ኢሰያስ ልዕሊ ኩሉ ብጀብሃ ዝተጸልአ፣ ብኢትዮጵያ ዝተሃድነ፣ ብሲኣይአ ድማ ልዕል ግምት ዝተዋህቦ ዘስምዕ ታሪኻዊ ፈጠራ ናሃረ ከደ ከደ። እንኮ ኢሰያስ ሃዋርያ ኤርትራ ስለዚ ምስ ናይ ኢሰያስ ምጥፋእ ኤርትራ ዓይና ከም ትዓውር ዘርኢ ዘይንቀሳቐስ ፊልም ሰሜናዊ ሳሕል ተዘርገሐ። እቲ ጉዳይ ንሰለሙን ወልደማርያም ኣይተዋሕጠሉን። ንተወልደ ኢዮብ ኮነ ንኣስመሮም ገረዝግሄር ዝጸልዎም ጉዳይ ኣይረአ እንበር እወ ተፈጺሙ ወይ ኣይተፈጸምን ክብሉ ኣይተሰምዑን። ግን ልዕሊ ኩሎም ኢሰያስ ብጸላእቲ ኤርትራ ዝህደን ዝብል መልእኽቲ ዘስምዕ ናይ ኢሰያስ ሽጣራ ዓብላልነቱ ዝገልጽ ውድድር ተኸፍተ። ንቐጽል!!!!!!!

ናይ መንካዕ ምልዕዓል ጎነጽ ኣብ ልዕሊ እቶም ነበርቲን ገዳይምን መሪሕነት በዚ ጉዳይ እዚ ዝተኸስተ ውሽጣዊ ቁርቁስ ነቲ ቅርጺ ውድብ ናብ ዘይንቡር ህልኽ ዝካየድ ቀንዲ መፈንጠርያ ተፈጥረ። ካብ ኣነ እበልጽ ዝብል ቅዲ ተኸፍተ እቶም ካልኦት ብኸመይ ይኽተልዎ ወይ እንታይ ይገብሩ ንከታተል ጥራይ።

ብኢሰያስ ዝዋፈር ስልቲ ኣብ መንጎ ሰለሙን ወልደማርያምን ኣስመሮም ገረዝጊሄርን ተወልደ ኢዮብን ካብ ግዜ ክፍልታት ኣብ 5ይ ክፍሊ ዝተፈጥረ ጽልኢ መዕለቢ ክግበረሉ ዝብል ምንቅስቓስ ይዋፈር። ዘይድሊ ቅርሕንትን ድሑር ዝንበለን ስለ ዘለዎም ብኻልኦት ክትክኡ ኣለዎም ዝብል ፍልስፍና ነቲ ካብ ኩሉ ንጹህ ዝኾነ ኣካል ጸሊኻ ንዕኡ እውን ምውጋድ ዝዕላምኡ ተንኮል ተነጽፈ። ግን ዛጊድ ነቲ ናይ ጥንቲ ድሑርን ሕዱር ሕማም ንምፍዋው በቶም ምስ ሰውራታት ዓለም ሌላ ዝነበሮም ሙሴ ተስፋሚካኤል የውሃንስ ስብሃቱ ኣፈወርቂ ተኽሉ (ኣምሓራይ) ወሊዑ ሕሹኽሽኽ ተጀመረ። ናይ ምንቅስቓስን ናይ ምቅርራብን ናጽንት ስለ ዘለዎ ኣብ ክልቲኡ መዳያት ዘለዉ ሰባት ሓረየ።  ውሽጣዊ ርክብ ኣብቲ ናይ ሰልፊ ናጽነት ጉጅለ ብኢሰያስ ዝተላዕለ ድሕሪ ምጽንባር ምስቲ ቀዳማይ ወገንን ብውሽጠ ውሽጢ ሓድሽን ምሁርን ኣካል ከም መሪሕነት ብምርጫ ይመረጽ ዝብል ወፍሪ መለዓዓሊ ንሱ ባዕሉ ነበረ። ኢሰያስ ንሙሴ ናይ ቀድም ብጻዩን ኣማኒኡን ስለ ዝነበረ ንዕኡ ከም ቀንዲ ነቲ ፍታሕ ከዋፍር መደቦ። ብግን ብዕሊ ኣይነበረን። ተመሃራይ ካብቲ ክልሰ-ሓሳባዊ ስንቂ ጥራይ ተበጊሱ ንሃገሩ ጸጽቡቕን ምዕባለን ስለ ዝመርጽ፣ ንኸምዚ ዝበለ ርእይቶ ሓንጎፉይ ኢሉ ኢዩ ዝቕበል። ነት ዝካየድ ዘሎ  ካልኣይ ሽርሒ ኢሰያስ፣ ሰለሙን ብቐረባ ይከታተሎ ብምንባሩ ገለ ኣውራጃዊ ረብሓ ተመኩሱ ሆይ ሆይ በሃልቲ ኣብ ዙርያ ዓንኬል ከንብር ተደፋፍአ። ሰለሙን ከካይዶ ዝኽእል ወፍሪ ብጠንቂ ኢሰያስ ሓደገኛ ክከውን ከም ዝኽእል ገሚቱ ዲዩ ወይ እታ ጠላሚትን ከዳዕን ባህሩ ካልእ መደብ ኣውጺኣ ግልብጥ ኢሉ ተመሃሮ ንኹልና ክዕብልሉሉና ዝብል ውሽጣዊ ጽልዋ ኣልዒሉ ንኹሉ ትሕቲ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰባት ብናይ ትምህርቲ ዘለዎም ፍልጠት ንሜዳ ክብሕቱ መዲቦም ዝብል ፕሮፓጋንዳ  ለይቲ ብለይቲ ካልእ ሽርሒ ኣካየደ። ተጋደሊቲ ምስቲ ካልእ ዝካየድ ዝከታተልዎ ተንኮል ፈጺሚ ከንብብዎ ዘይክእሉ ነገር ከም ዘሎ ክፈልጡ ስለ ዘይከኣሉ፣ ነቲ ኣበጋግሳን ኣንፈትን ብቐረባ ስለ ዝይፈልጥዎ ሓቀኛ ዘምስል ካልእ ተንኮል ተፋሕሰ። ሓንቲ መርማሪት ኮሚቴ ትውጻእ ተባህለ። ተጋደልቲ ሓቀኛን ሃገራዊ ዕላማ ብቐዳምይ መርገጺ ስለ ዝጥምትዎ ሕራይ በሉ። ቅድሚ ምርጫ ሓንቲ ጽሕፍቲ ብተመስገን በርሀ ተዋፈረት። እታ ጽሕፍቲ ናብ ሓደ ወገን ጥራይ ዝዘንበለት ጽሕፍቲ ኢያ ነይራ። ክትመርጹ ከለኹም ደቂ ????? ጥራይ ምረጹ ትብል፣ ደቂ እታ ኣውራጃ ትምልከት ነይራ።  ንኣፈወርቂ ኣምሓራይን ንታረቀ የሕደጎን ድማ ብለይቲ ከንብብዋ ተዋህበቶም። ብሓቂ ዲያ ኣውራጃዊ ዕማም ነይርዋ? ናብ ካልኦት ተጋደልቲ ስለምንታይ ዘይዘረት? ዘይራ እንተ ነይራ ስለምንታይ እቶም ካልኦት ዘየጋለጹ ወይ ንምንታይ ሓጽቂጦም? ካብታ ጽፉፍን ምሁር ኣካል ይመረጽ ትብል ናይ ኢሰያስ ሕማም ዘለዓዓለቶ ንምንታይ ብፍላይ ንኣፈወርቂ ክፍሉን ንታረቀ ይሕደጎን ፈልያ ተዋህበቶም። ሙሴን የውሃንስ ስብሃቱን ግን ኣይረኣይዋን። ነቶም ኣርባዕተ ምሁራት ንጸቢብ ትሕቲ ሃገራዊ ቅርጺ ዝሃቀነት ኢያ ነይራ። እቶም ክልተ ደቂ እታ ሓለፉ ኮሚቴ ዝዋሃባ ኣውራጀኣ ብምንባሮም ግን ሓቀኛ ኤርትራዊ ስምዒት ዝዓብለሎ መስመር ስለ ዝኽተሉ ነታ ጽሕፍቲ ኣቃልዕዋ። ህይወቶም

ድማ ምስቶም ካልኦት ከፈሉ። ክሳብ ሎሚ እሰያስ በዛ ጉዳይ እዚኣ ርዒዱ ናይ መንካዕ መግለጺ ክህብ ኣይመደበን። ይማባጻዓልኩም እታ ብኡኡ ዝተጻሕፈት ,,ኣዕናዊ ምንቅስቓስ 73 ትብል መጽሐት ድሕሪ እዚ ሕዘዮ ዘለኹ ወፍሪ በብቕሩብ ክፍንዋ ኢየ።

እታ ኮሚቴ ቅድሚ ምምራጻ ክልቲኦም እታ ጽሕፍቲ ኣዝያ ጸባብን ትሕቲ ሃገራዊ ቅርጽን ትጽውዕ ብምንባራ ኣብ ኣኼባ ኣጋለጹ። ወገን በዓል ኢሰያስን ሰለሙን (ኣብዚ እዋን ኢሰያስ ንሙሴ ክሒዱ ናብ ሰለሙን ገጹ ቀይሩ ነይሩ)፣ ኣይተዋሕጠለሙን። ሽዑ ለይቲ ኣኼባ ክቋረጽ ንጽብሒቱ ክካየድ፣ እታ ዝተባህለት ጽሕፍቲ ድማ ክትጻረ ኢሰያስ ጸወዐ። ንጽባሒቱ ንተመስገን በርሀ እታ ጽሕፍቲ መን ሂቡካ ትብል ሕቶ ቀረበትሉ። እታ ጽሕፍቲ ኣብ ኢድ ሰለሙን ወይ ኢሰያስ ከም ዘላ ዳርጋ ኩሉ ገሚቱ ነይሩ። በቲ ዘለዎም ስለጣን እውን ዋላ ኣብ ኢድ ታረቀ ወይ ኣፈወርቂ እንተ ትነብር፣ መሪሕነት ሃቡ ክትብሎም ከላ እንቢ ከም ዘይብሉ ብሩህ ነበረ። ኮፒ ገይሮም ዘትርፉሉ ዕድል እውን ኣይነበረን። ኮይኑ ግን ተመስገን በርሀ ተጠሊዑ ነታ ጽሕፍቲ ኣይፈልጣን ወይ ድማ ኣየዘርክዋን ክብል ቁልቁል ዝኣፉ ሓሰወ። ክሳብ ሎሚ እውን ከምታ ባህሩ ምሕሳውን ምኽሓዱን እሞ ክሳብ ብጽሑፍ (ኢሰያስ ባዕሉ ዝኣመነሉ) ጽፍዒት ተቐቢሉ ይነብር ኣሎ። ግርም ናይ መንካዕ ጉዳይ ኣበይ ኣኽቲሙ ኣበዚ ደው ኣቢለ ኣብ ካልእ ክቕጽሎ ኢየ። ኢሰያስ ዝገብሮ ናይ ቦታ ምብሓት ጉርሒ ንሰለሙን ኣይተዋሕጠትሉን። ንሱ ብወገኑ ድማ ካልእ ማእለማ ጀመረ። እንሆ ድማ!!!!

ድሕሪ ናይ መንካዕ ብውሽጢ ዝቐመት ሽማግለ ፍርዲ ቀጺላ ትግለጽ ዕለት ብዘይ ባይቶ ብዘይ ፍትሕን ተቐንጸሉ። ናይ ኢሰያስ ጉዳይ ዘይተዋሕጠሉ ሰለሙን ካልእ ወፍሪ ነደቐ። ሰለሙን ናይ ጸጥታ ትካል ዝወነነ ዳርጋ ከም ካልኣይ ደረጃ ዝሰራዕ ናይ ፖለቲካዊት ቤት ጽሕፈት (ፖሊት ቢሮ) ስልጣን ዝነበሮ ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ምቕንጻል መንካዕ ብርክት ዝበልና ተጋደልቲ ናብቲ ተሓድሶ ዝበሃል ናይ ጸጥታ ትካል ኮብኪቦ ኣእተዉና። ኣካይዳና ከነተዓራሪ ተመደብና። እታ ጉጅለ ካብ ምቕያድ ብዓይነት ምሕረት ዝወጸት ተባሂላ ትጽዋዕ፣ እታ ኣዝያ በላሕን ንህዝባዊ ትካል ተጣባቒት ኢ.ያ። ናይ ስለጣን ህርፋን ትነጽግን፣ ናይ ተጋዳላይ መሰል ተኽብርን፣ ፍትሕን ሕግን ክሕንጸጽ ትጣልብን ኢ.ያ። ይኹን እንበር ኢሰያስ ንሰለሙን ሓጸልጸል ኣቢሉ ክድርብን ክቕንጽልን እንተደኣ ኮይኑ ነዛ ጉጅለ ክሽስባ ከም ዝመደበ ፍሉጥ ነይሩ። እታ ጉጅለ እውን ኣይሰሓተቶን። ንሱ ግን ንዓኣ እውን ከመይ ገይሩ የሕቕቓ መደብ ነይርዎ። ጀኣኑ ስለ ዝኾኑ ኣብ ሓደገኛ ኩናት የእቲኻ ተሕቅቖም። ናይ ኢሰያስ ዘገምታውን ቀስ ኢሉ ዝሽይድን ፍሕሶታት በብቑሩብ ኢዩ ዝጥምጠም። ተፈቲሕና ኣብ ተሃድሶ ከለና ሓንቲ ጉዳይ ትፍጸም። ዓባይ ምስጢር ኣዝያ ዓባይ ምስጢር። ኩሎም እቶም ሽዑ ነታ ጉዳይ እንዳ ዞሩ ከም ልኡኻት ኮይኖም ዝናስሑ እውን ነቲ ዝናስሕዎ ዘይፈልጡን ዝተላእክዎ ካብ መን ከም ዝኾነ ዘይበርሃሎም ገርሀኛታት ኢዮም። ሰማዒ ተጋዳልይ ኣብ ክፉት ኣኼባ ገርና ክብልዎን ከም ኣተግበርቲ ተላኢኽና ክብሉን ብግሁድ ትዕዘብ። ዘገርም ድማ ሎሚ እውን ድሕሪ 37 ዓመታት እዞም ኣብ ተቓዋሚ ሰልፍታትን ተቃወቲ ውድባትን ዘለዉ ፈጺሞም ዘይፈልጥዎን ጉዳይ ኢዩ ነይሩ ክብል እደፍር። ምሳኻትኩም ምስ ኣንበብቲ ብሓባር ይሰምዕዎ እውን ይህልዉ። እንታይ ኢዩ እቲ ጉድ? ኣነ እውን ኣብ መጀመርታ ክከታተሎ ከለኹ ከምቲ ዘለዎ ገይሩ ኢየ ተቐቢለዮ።

ሓሙሽተ ሓደስቲ ተጋደልቲ ካብ ከተማ ገዳርፍ (ኣብ ምብራቓዊ ሱዳን ትርከብ ከተማ ኢ.ያ) መጺኦም። ክናስሑ ከለዉ ድማ ጀብሀት ታሕሪር ንሰለሙን ወልደማርያምን፣ ንኣቡ ጥያራን፣ ኣቦ ዓጃጅን ክቐትሉ ከም ዝተላእኩ ይሕብሩ። እቲ ውድብ ድማ እዞም መሳኪን ተጋደልቲ ጀብሃ ብዘይፈልጥዎን ብዘይመድብዎን መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት እሞ ፈልዮም ኣውራ ንሓደ ንኡስ ጉጅለ ንሰለሙን ክቐትሉ ከም ዝተላእኩ ይሕብሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ገለ ካብቶም ልኡኻት ወጻኢ ቤት ጽሕፈታት ንጸብጻባትን ፍሉይ ንቕሓትን ክመሃሩን ተባሂሎም ይጽውዑ። ነዞም ናይ ወጻኢ ልኡኻት ኣብ ደገ ገዲፍካ ነቲ ወፍሪ ከተካይዶ ፍጹም ስለ ዘይሰማማዕ ኣእቲኻ ንምዕጻው ኣሰር ከጠጥፍእ ናይ ግድን ይኸውን። በቶም ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝተዋፈረ ሽርሒ ስለ ዝኾነ ንዓታቶም ኣብ ደገ ክነብሩ ምግዳፍ ጽባሕ ክመጽእ ዝኽእል ጉድ ምቕማጥ ኮይኑ ኢዩ ንሰለሙን ተራእይዎ ማለት ኢዩ። ዝገርመኩም ሓደ ኣብቲ ብድሕሪ ሕጂ ዝጽሕፎ ስሙ ዝጥቀስ ሰብ ሕጂ እውን ህልው ዘሎ ኢዩ ዝተገልጸለይ። ከምቲ ሓበሬታ ዘለኒ ኣብ ሱዑድያ ኢዩ ዘሎ። የመስግኖ ድማ። ኣብቲ እቶም ሓሙሽተ ሳሆ ዝናስሕሉ ዝነበሩ እዋን እቲ ሰብ ምሳና ንሓጺር እዋን ተኣሲሩ ነይሩስ ንቓሩራ ክለኣኽ ተፈቲሑ። ካብቲ ቀዳማይ  ህዝባዊ ሓይልታት ስለ ዝነበረ ካብቲ ህልቂት ክድሕን ክኢሉ።  ቅድሚ ንቓሩራ ምንቅስቓሱ ኣብ ጎድነይ ኮፍ ኢሉ ብምንባሩ ንብዓቱ ክቆጻጸር

ኣይከኣለን። ንብዓቱ ክሕብስ ከሎ ተዓዚበዮ ነይረ። እንታይ ኮን የንብዖ ኣሎ ክብል ድማ እሓስብ ነበርኩ። ሓሙሽቲኦም ካብ ገዳርፍ ብጀብሃ ከም ዝተላእኩ፣ ድሕሪ ቅትለት ምፍጻሞም ድማ ጀብሃ ናብ ሱርያ ከም ትሰዶም፣ ከመይ ገይራ ካብ ውሽጢ ብዘለዋ ፍሉያት ልኡኻታ ከም ተውጽኦም ኢያ ተስፋ ሂባትና ክብሉ ዝገለጹ። ኣብ ወተሃደራዊ ታዕሊም ፈጺሞም ቅድሚ ምውጽኦም ንኹሎም ሓደሽቲ ተጋደልቲ ካብ ጸላኢ ዝተላኣኹም ባዕልኹም እንተ ተናሳሕኩም ውድብ ንግርህነትኩም ርእዩ ምሕረት ክገብረልኩም ኢዩ፣ ኣይንፍለትን ኢልኩም ምግላጽ እንተ ኣቢኹም ውድብ ብናቱ ማዕከን ከጋልጸኩምን ናይ ሞት ፍርዲ ክብይነልኩም ከም ዝኾነ ክትፈልጡ ኣለኩም ትብል መናፍሕ ምስ መርዓዲ መደረ ኩሉ ግዜ ብተመስገን በርሀ ብቋንቋ ትግርኛን ዓረብን ኢያ ትቐርበሎም። ተመስገን ክልቲኤን ላህጃታት ስለ ዝመልከን ክገልጽ ከሎ እዚ ዲዩ እሰያስ ዝብልዎ፣ ሓዲሽቲ ተዓለምቲይ መን ይቑጸሮም። ኮታ እቶም ሓሙሽተ የጽቅጡ። ኣስማቶም በብሓደ ይጽዋዕን መዓስን ብመን ከም ዝተላእኩ ይሕበር። ይቕየዱ ድማ። ተናሲሖም ካብ ቦታ ናብ ቦታ እንዳ ኸዱ ንተጋደልቲ ይግለጹ። እቲ ኣብ ጥቓይ ኮይኑ ዝነብዕ ዝነበረ ኣብ ወጻኢ ብፍላይ ኣብ ሱዳን ተመዲቡ ዝነበረ ብጻይ ድማ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ብሓንሳብ ዝነበርናሉ ናይ ተሓድሶ ቦታ ፍልይ ኢሉ ኣብታ ደቂሰላ ዝነብርኩ ጽላል ቀትሪ ይመጸኒ። ርእይቶይ ብዛዕባ እቶም ዝናስሑ ዝነበሩ ይሓተኒ። ካብቲ ተላኢኾና ዝብልዎ ንላዕሊ ክገልጽ ከም ዘይክእል መለስኩሉ። ንሱ ድማ እዛ ትስዕብ ተደንጹ መግለጺት የፍሰሰለይ። ,, *እዞም ሰባት ንጹሃት ኢዮም። ኣብ ገዳርፍ ዝርከቡ ኣባላትና ናብቲ ናይ ጀብሃ ቤት ጽሕፈት ከም ገለ ምይይጥ ዘካይዱ ብሕውንታውን ፍሽሕው ገጽ ይመላለሱ። ነቶም ሓሙሽተ ደቂ ሳሆ ድማ ናይ ጀብሃ ኣባላት ከም ዝኾኑ ይገልጹሎም። ከምኡ ክብልዎም ከለዉ ድማ ጀብሃ ማለት ፈልልይ ከም ዘይብሉ ዘሰምዕ ገይሮም ኢዮም ዝገልጹሎም። እቶም ሓሙሽተ ሳሆ ድማ ከም ናይ ጀብሃት ታሕሪር ገይሮም ተቐበልዎም። ብድሕሪእ ጥብቕ ዝበለ ምቅርራቦም ይቕጽጽል። ኣብ በይናም ብምስጢር ናይ ጀብሃት ታሕሪር ከም ዝኾኑ የእምንዎም። ኣብ ሳሕል ካብ ከበሰ ንሰለሙን ወልደማርያም፣ ካብ ማርያ ንኣቡ ጢያ ኮነ ንኣቡ ዓጃጅንያ ክቕትልዎምን ጀብሃ ድማ ሸዑ ኣውጺኣ ንሱርያ ክመሃሩ ከም ትሰዶም ገይሮም ዘይፍጸም ተስፋ ይህብዎም። ኣብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ሓይልታት ከይዶም ተመዝጊቦም ክስለፉ ከም ዝደልዩ ይሕብርዎም። ክንከታተለኩም ኢና ድማ ይበሃሉ። ከምታ ዝበልዎም ይገብሩን ይለኣኹን። ነቲ ዝነግረኒ ዘሎ ድማ ካልእ ይግለጸሉ። ናይ ሳሆ ቁጽሪ መታን ክዓቢ ኢና ንልእኮም ዘላን እንበር ኣብ ህይወቶም ዝፈጸም ሓደጋ የለን ከም ዝተገልጸሉ ይሕብረኒ። ሕጂ እውን ክመሃሩን ክውክሉናን ንውጻኢ ክንሰዶም ኢና ተባህለኒ ክብል ወሰኸ። ኣብዚ ኩሉ ክፍጸም ከሎ ናይ ኢሰያስ ጉጅለ ልኡኻት ዕረ እንዳ ጠዓሞም ይከታተልዎ ነይሮም። ስለዚ ለኣኽቲ ኣቶም ናይ ሰለሙን ኢዮም በለኒ“።*

እዝነይ ክኣምን ኣይከኣልኩን። ከዛርበኒ ዝደለዮ ጉዳይ ይህልዎ ክብል ጠርጠርክዎ። ቅድሚ ምእሳረይ ብሓደ መደብ ኣብ  ሜዳ ስለ ዝነበርና ጽቡቕ ምቅርራብ'ውን ስለ ዝነበረና ዝእመን መግለጺ ገይረ ወሰድክዎ። ክንደይ ይገብር እዚ መስርሕ ካብ ዝውጠን ክብል ሕተትክዎ። ኣርባዕተ ወርሒ ገይሩ ኣሎ በለኒ። ኣብ ማእሰርቲ ዓመት ገይረ ስለ ዝነበርኩ ድማ ንዓይ ደኾን ሓሳብን ንሓዋሩን ክሸርበኒ ደልዩ ዝብል ጠርጠራ ተሓንገጠኒ። ስቅያት ኣብ ርእሲ ስቅያት። ግን ንሱ እውን ሓጻር ትኹን እንበር ተኣሲሩ ስለ ዝነበረ ነቲ ጉዳይ ንዝኣምኖ ክህብ መዲቡ ይኸውን ዝብል መደምደምታ ሂበ ኣብ ትሕቲ ጽላል ምጥርጣር ቁሒመያ ኣጽቀጥኩ።

ዝገርመኩም ድማ ገለ ነገር ሰሚኦካ ምጽቃጥ ባዕላ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ዓባይ ገበን ኢያ። ኩሎም ተጋደልቲ ብሓባር ዝፈልጥዋ ሓቂ ኢያ። ሰሚዕካ ናብ መራሒኻ ኢኻ ትኸይድ። በዛ ጉዳይ እዚእ ሓቢረን ገሊጸን ስለ ዘይፈልጥ ሰብ ንዓይ ከም ዝንቡዕን ኣንጻር መሪሕነትን ሙኳነይ ስለ ዝሕበሮ፣ ብዘይካ እቶም ኣዝዮም ዝሓመሙ እንተዘይ ኮይኖ ምስጢር ዝገልጽ ዝጽገዓኒ ኣይነበረን። ንዓይ ኣጥቂዑ ክብ ክብል ዝደሊ ድማ መሊኡ። ነብስኻ ንኹሉ ትኣምነሉ ርእይቶ ብዕግበት ትጽበየሉ ግዜ ምምራጽ ድማ ትስፍው ስለ ዝገብረካ ንኹሉ ጸገማት ክትጻወሮ ትኽእል። ሓንቲ ብጭቡጥ ዘጽናዕክዋ እሞ ካብኣ እንተ ተኣለኻ ነብስኻ ከም ተድሕን ሜላ በጺሒያ ነይረ። ህይወትካ ከይትስእን ተነጺልካ ምንባር። ኣብ ስራሕ ህርኩት ምንቅስቓስ ትርኢ። ዕላልካ ካብ ኩሉ ከጠርጥረካ ዝኽእል ምውጋድ። ንመራሕቲ ኩሎም ብሓባር ብሓደ ዓይኒ ምርኣይ ድማ ናይ ምህላው ዋሕስ ኢያ። ብኽልቲኡ ወገን ክኸስቡኻ ዝደልዩ ምስምስ እንዳ ሃብካ ከም ተጽንዕ መሲልካ ዘይምውሳንካ ምግላጽ። ናብ ሓደ ዘጽግዕ ጉዳይ ዘይኮነስ ሃገርካ ከመይ ገይራ ካብ መግዛእቲ ከም ትገላገል ኢዩ ቀንዲ መውጽኢኻ። ነዚ እቲ መሪሕነት እንድሕሪ ፈሊጡ ካብ ዝቕንጽለካ ናብ ተደጋጋሚ ውግእ ልኢኹ ከም ትስዋእ ገይሩ ይድምድም።

ብፍላይ ተወጊእካ ኣብ ሕክምና ምስ ትኣቱ ብዙሓት ቅኑዓትን ሓቀኛታት ብጾት ትረክብን ትላለን። ስምካ እውን ሰሚያሞ ስለ ዝጸንሑ ካብ ሓካይም ጀሚርካ ኩሎም ኣባላት ሕክምና ምሳኻ ክዛረቡ ይመርጹ። ሃሱሳት እውን ከምኡ። ተወጊአን ሰንኩለን ኣብ ክፍሊ ትምህሪቲ ምስ ተመደብኩ ሓደ ካብቶም ኣብ ገዳርፍ ናይ ወጻኢ ልኡኽ ዝነበረ ኣብቲ እዋን ክፍልታት ካብ ናይ ጀብሃ ንክወጽእ ዝሓገዘኒ ብጻይ እረክብ። ኩዕሶ ክጻወት ከሎ ኣብ ግዜ ንእስነተይ ስለ ዝፈልጦ ከም ዘድንቖን ዓርኪ ወዲ ጋንትኡ ኣብ ጋንታ ሓማሴን ዝነበረ ናይ  መምህር እሰፋው በርሀ ኩቺ ዝነበረ እረክብ። እዛ መፈጸምታ ናይዞ ሳሆ ክሓቶ እምድብ። ኣብ ዙርያና ዝድቅሱ ልኡኻት ከም ዘለዉ ድማ ብምጥርጣር ስለ ዝተጠንቀቕኩ ግዜ ክሳብ ዝረክብ የጽቅጥ። ድሕሪ ዳርጋ ሽዱሽተ ሰሙን ናይ ሙዚቃ በዓል ስለ ዝተገብረ ፍልይ ምስ በልና ነቲ ዝሓበርኹም ብግሉጽ ክሓቶ ደለኹ። ይኹን እንበር ኣብ ሻዕብያ ኣሚንካ ተጻውቶ ብጻይ የለን ዝብል እምነት ኣይነበረንን። ኣብ 100 ሓደ ምስ ትረክብ ግን ቦታን ከውልን ረኺብካ ብሜላ ትሓቶ። ብዛዕባ እቶም 5 ሳሆ ዝተናስሑ ገለጽኩሉ። ኣብ ገዳርፍ ጀብሃ ክሳብ ክንድዚ ክፍእትን ሓደገኛን ክትከውን ዝኽኣለት ስለ ምንታይ ኢዩ ክብል ተወከስክዎ። ከምኡ ዝብል እምነት ኣብ ውሽይ ኣይነበረንን። ግን ጀብሃ ዘላ ኣብ ካልእ ስለዚ ንዓኣ ከም ትነጽጋ መሲልካ ክትርአ ዘዋጽእ ሜላ ብምንባሩ ኢዩ። ኣብቲ ናይ 1969 መጨረሽታ ኣብ ሑመራ ከለኻ ህይወተይ ክትድሕን ዝገበርካ ጅግና ብጻየይ ምርካበይ ዕድለኛ ኢየ በልክዎ። ንሱ ድማ ተስፉ ስቕ በል ለኣኺት ሻዕባያ ኣጸላሚት ሻዕብያ ኢያ። ጀብሃ ግን ዝፈጸመቶን ዝለኣኸቶን የለን በለኒ። እሞ ስለምንታይ ድኣ ንሰለሙን ብፍላይ ምስቶም ካልኦት ሰብ ማርያ ክቕተሉ ተደልዩ በልክዎ። መራሕ ውድብ መን ይኹይን ዝብል ጽምዳዊ መርበብ ተዘርጊሒ ኣሎ፣ ተጻዊዱ ኣብ ዘሎ መርባብ ኣትዮም ዝጥበሱ ዓሳታት ድማ ብዙሕት ኢዮም ዝጠፍኡ ክብል ጅምጅም ኣበለኒ ። መንገዶም ኣይሰሓትክዎን ጭብጥታት ኢየ ዝእክብ ነይረ። እዚ ጸይራ ንህዝብ ክትገልጽ ዕድል ዘይረኸበት ትንፋስ ትልኽ እንዳ በለት ማህደር ታሪኽ ኮይና ኣላ። ብዙሓት ተረኽቲ ብፍላይ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ብዙሕ ጽሒፎም ኣለዉ፣ ይኹን እንበር ዝቐድሑሉ ዒላ ብንእሽተይ መጋሕፈሊት ካብታ ፈልፋሊ ስለ ዘየዕረቑ ከምቲ ዝድለ ነቲ በዓል ቤት ህዝቢ ጉዱ ክነግርዎ ኣይከኣሉን። እንሆ ሕጂ እውን ታሪኽ ዝተገብረ ትደግም ኣላ (History repeats itself) ከም ዝብልዎ ዓይነት። ተጋዳላይ ዳንኤል ሃብተ ይሕደጎ ብሓቂ ዲዩ ናይ ቅትለት ፈተነ ኣካይዱ? ወይ ፈጠራ ናይ ህፍደ ኢዩ? ጸኒሕና ንርኦ ጉዳይ ኢዩ። ብዘየገድስ ግን ከምዚ ዝበለ ዜና ንዓለም ዘመሓላልፎ መግለጺ ኣለዎ። ዝቕዳሕ መሊኡ ኣሎ እሞ ኣብቲ ሻብዓይ ክፋል ንራኸብ።

ብተስፉ ዘውደ።
18.08.2009 ጀርመን